***31/07/2010***

*መልእኽቲ ወጋሕታ*

## *ዋዕላ ንሰላምን ደሞክራሲን ጥንታዊ ኤርትራዊ*

## *ሕጊ ዳባ ኣዘኻኺሩ ህግደፍ ዝነዝሖ መርዚ ዘርክስ ፍጻመ*

እዛ ናይ ሕጂ ኤርትራ ቅድሚ ምፍጣራ እተን ንኤርትራ ፈጢረንኣ ዘለዋ ብሄራትን ኣውራጃታትን ናይ ገዛእ ርእሰን ተመሳሳሊ ወረጃነት ዘንጸባርቕ ባህላዊ ምሕደራ ነይርወን'ዩ።

ንኣብነት እኳ ኣብ መንጎ ዜጋታት ሓደ ከባቢ (ዓዲ) ንዘጋጥሙ ምስሕሓባት ባይቶ ዓዲ'ዩ ዝዳንዮ ዝነበረ። ኩለን እዘን ሕጂ 6 ዞባታት ወይ ከኣ ቅድም ኢለን 8 ኣውራጃታት ዝበሃላ ዓድታት ኤርትራ ሕጊ ደባ ነይርወን'ዩ። ንኣብነት'ኳ እዘን ዝስዕባ ሕግታት ብዕድመ ዝደፍኡ ሙሁራት ሃገርና ምንባርና መስኪሮም ኣብ መዋዓውዕታት በቲኖምዎ ነይሮም'ዮም። ንሰን ከኣ ኣብ ኣውራጃ ሓማሴን 5 ሕግታት እንዳባ ከምዘለዋ

1ይ. ለጎጭዋ

2ይ. ሕጊ ዓዲቁንጺ

3ይ. ሕጊ ሸውዓተ ዓንሰባ

4ይ. ሕጊ ድንበዛን

5ይ. ሕጊ ከርነሽም

6ይ. ሕጊ ስሓርቲ

ኣብ ኣውራጃ ኣከለጉዛይ ከኣ ካብ ዓመተ 1480 ጀሚሩ ኣርባዕተ ሕጊ ዳባ ኣብ ኣከለጉዛይ ዝነብሩ ብሄረ ሳሆ'ውን ናይ ርእሶም ሕጊ ሽሪዓ፡ ኣብ ሰራየ ክልተ ሕጊ እንዳባ፡ ኣብ ከረን ከኣ 5 ሕግታት ከምዝነበረ ተመራመረቲ ኣረጋጊጾምዎ'ዮም።

እዚ ናይ ጥንቲ ሕጊ ዳባን ስርዓተ ምሕደራ ህዝቢና ዘልዐልና ብዘይ ሓደ ነገር ኣይኮነን። ኢሳይያስ ህግደፍ ኩሉ ጊዜ ዘደናግረሉ ዘሎ ሚላ ዋላ ኣነ ተሓመቅኩ ካባይ ዝሓሸ ደንበ

ተቓውሞ ስለዘይለ ድሕረይ ሃገር ክትበታተን'ያ። ከም ሃገርን ማእከላይ መንግስቲ ሒዛ ንምንባርን ንዓይ ጥራሕ ተኸናኸኑ ዝብል ላግጺ ከንቱ ህውተታ ምኳኑ ንምብራህ'ዩ።

እዚ ባህልን ሕጊ ዳባን ከኣ ብጀጋኑ ደቓ ሕጂ ክትዕንብብ ጀሚራ ኣላ። ናይ ኩለን ብሄራትን ሃይማኖታትን ከምኡ'ውን ካብ ኩሉ ክፍላተ ማሕበረሰብ ዝተውጻጽኡ ኤርትራ ሃገርና ካብቲ ኣትያቶ ዘላ ሕሰምን መከራን ንምግልጋል ብትብዓት ቆሪጾም ዝወሰኑ ዜጋታት ሃገራዊ ዋዕላ ንምክያድ ምድላዋቶም ኣጻፊፎም ኣብ ርእሰ ከተማ ጎረቤት ኢትዮጵያን መንበሪት ሕብረት ኣፍሪቃን ዝኮነት ከተማ ኣዲስ ኣበባ ንምስላጥ ይሸባሸቡ ኣለው።

እቲ ዋዕላ 322 ዜጋታት ዝተረኸቡሉ'ዩ። ማፍያ ህግደፍ'ውን እዚ ዋዕላ ኣብ ህዝቢ ኤርትራ ፈጢርዎ ዘሎ ምብርባራት ብምስጋእ ናይ ቀዳምነት ቀዳምነት ሂቡ ንምብርዓኑ ኩሎም ዲፕሎማሲያዊ ትካላቱን ካድራቱን ክነጥፍ መምርሒ ኣውሪዱ ኣሎ። ኣንፈት ናይቲ ጸለመን ምብርባራትን ከኣ ነቲ ህዝቢ ከበሳ ዕላማ ጌሩ ክኸይድ ንሱ ከኣ እዚ ዋዕላ ናይተን ካብ ትግርኛ ወጻኢ ዘለዋ ብሄራትን ከምኡ ከኣ ሃይማኖታዊ ምንቅስቃሳት ከምዝኮነ እዚ ከኣ ጎረባብትና ኤርትራ ንምብትታን ዘተኣኻኸበኦ'ዩ ኢልካ መጸለምታ ምንዛሕ ዝብል መምርሒ'ዩ ወሪዱሎም።

እዚ ዝኾነሉ ዘሎ ምኽንያት ከኣ ሕጂ ንዓይ ዝትኽእ የለን ደንበ ተቓውሞ ዝተበታተኑን ክሓብሩ ዘይኽእሉን'ዮም ዝብል ዝነበረ ምብርባር ማፍያ ኢሳይያስ ህግደፍ ዘበርዕን ካብቲ ሙሁር፡ ነጋዳይ፡ መንእሰይ፡ ደቂኣነስትዮ፡ ኩለን ብሄራትን ሃይማኖታትን ኤርትራ ዘጠቓለለ ብዓይነቱ ፍልይ ዝበለ ዋዕላ ስለዝኾነ እዚ ነቲ መንፈስ ቃልሱ የሂሲሱ ዘሎ ህዝብን ሰራዊትን ኣበራቢሩ ኣንጻረይ ክለዓዓል ክገብሮ'ዩ ኢሉ ዓብይ ስግኣት ስለዝሓደሮ'ዩ።

ናይ ብሓቂ'ውን ዓብይ ተስፋ ዝተነበረሉ ምኽንያት ሱታፌ ዳርጋ ኩሉ ክፍላተ ማሕበረሰብ ኤርትራ ስለዘዕዘዘን ጠላም ህግደፍ ኮነ ኢሉ ፈላሊካ ግዛእ ብዝብል ሓሳድ ውዲቱ ናይ ብሄራት ምግምማዕ ዶኮን ክፍጠር ተባሂሉ ዝተሰግአ ደመና ጥፍኣት ቀንጢጡ ንኩለን ብሄራት ኤርትራዊ መንፈስን ኣሓይሉ ብሓድነትን ሕብረትን ኣብ ትህነጽ ኤርትራ ተጠቀምቲ ክንኸውን ኢና። ድሕሪ ህግደፍ መጻኢና ብሩህ'ዩ ካብ ምፍልላይ ዝርከብ ረብሓ የለን። ኩላህና ብማዕረ ንጥቐመላ፡ ባህልናን ቋንቋናን ብናጻ ነማዕብለላ፡ ብዝመረጽናዮ መንግስቲ ትመሓዳደርን ብቅዋም ትምራሕ ሃገር ተፈጢርና ብኤርትራውነትና ተሓቢርና ክንነብር ኢና። ሃይማኖታዊ ኣፈላላይ ዘይብላ መንግስትን ሃይማኖትን ኢድ ከይተኣታተው ሃገር ናይ

ሓባር ሃይማኖት ከኣ ናይ ውልቅና ምኳኑ ዝኣምን እዚ ከኣ ብቅዋም ክፍለጥ ብምግባር ሃገርና ብሕብረት ክንሃንጽ ኢና ኢሎም ብኒሕ ናይ ዝወሰኑ ዋዕላ ሰላምን ዴሞክራስን ስለዝኮነ እዚ ንኤርትራ ካብ ኣፍ ደገ ምፍልላይ ናብ ሓንትን ድልድልትን ኤርትራ ካብ ጽልእን ቅርሕንትን ናብ ሕውነትን ምክእኣልን ዘምጽእ'ምበር ከምቲ ህግደፍ ከበራብሮ ወጢኑ ክህውትተሉ ጀሚሩ ዘሎ ናይ ምፍልላይ ክኸውን ኣይኽእልን።

ምፍልላይን ምብትታንን ዘምጽእ ኮነ ኢልካ እገለ ብሂር ንዓካ ከምዚ ኢሉካ ምባል፡ ህዝቢ ሓደ ከባቢ ናብቲ ካሊእ ከባቢ ብምስምስ ሰፈራ ነንሕድሕዱ ክራጸም ምግባር፡ መሰሉ ከሊእካ ብሓይሊ ክገዝኣካ'የ ምባል፡ ዘርኢ ንምጽናት ሃልኺ ምስራሕ፡ ብክቱር ጥሜትን ዓጸቦን ክትሕንዘፍ ከምድላይካ ናጻ ራዕዲ ምስትእውጀሉ'ዩ። እዚ ከኣ ክይተሓለለ ዝሰርሕ ዘሎ ህግደፍ ስለዝኮነ ሃገር ንምብታና ኣገማጊሙዋ ጸኒሑ'ሎ።

እዚ ዋዕላ ነዚ ሓደጋ ብተና ብምግታእ ሓቀኛ ሓደ ልቢ ዝኮነ ህዝቢ እዛ ሃገር ንምፍጣር ዝሕግዝ ዋዕላ'ዩ ክኸውን ትጽቢት ተነቢርሉ ኣሎ እዚ ምስ ዝዕወት ከኣ ብሓደ ወንጭፍ ክልተ ዑፍ ክሃርም እዩ።

እቲ ሓደ ህዝቢ ኤርትር ኣሸንኳይ ዶ ሕጂ እዚ ኩሉ ሙሁርን ኣብ ዝበልጸጋ ሃገራት ከይተረፈ ኣብ ላዕለዋይ ጽፍሒ ብዙሓት ትካላት ብናይ መሪሕነት ግዲኦም ዝፍለጡ ክኢላታት ኣፍርዩስ ይትረፍ ጥንቲ ብዙሓት ናይ ኣፍሪቃ ዓድታት ስርዓተ ምሕደራ ከይፈጠራ ከለዋ ንህዝቢ ብስኒትን ብሰላምን ክነብር ዘግብር ፍትሓዊ ውሽጣዊ ምሕደራ ዝፈልጥ ህዝቢ ከምዝኮነ ነዚ ባህሊ እዚ ክበራብር ዝክእል ኩነታት ክፍጥር ዝኽእል እዩ።

እቲ ካልኣይ ዝዓዘዘ ረብሓ ዘለዋ ከኣ ኤርትራ ብጀካይ ክመርሕን ሓድነት ሓልዩ ክነብር ዝኽእል ሓይሊ የለን ኢሉ ኢሳይያስ ክህውትቶ ዝጸንሓ ሓሶት ፈዲሑ ኤርትራውያን ሃገሮም ንምድሓን ዝቆረጹ ምኳኖምን ኣብ ክንዲ ምርሕሓቅ ምቅርራብ ኣብ ክንዲ ምንሕናሕ ምሕባር ኣብ ክንዲ ብማዕዶ ምትፍናን ተቀራሪብካ ምልዛብን ኣብ ሓደ ነጥቢ ምብጻሕን ካብ ምብትታን ናብ ሓደ ሙኳን ዝተሰጋገሩ ምኳኖም ብግብሪ ኣብዚ ዋዕላ ክኩላዕ እዩ።

እዚ ከኣ ብሕብረት ኣብ ልዕሊ እቲ ማፊያ ጉጅለ ቅልጽምካ ብምዕላብ ሓዳስ ደሞክራሲያዊት ናይ ኩሉ ሱታፌ ዝተጸባረቀሉ ብቅዋም ዝምራሕ ህዝቢባዊ መንግስቲ ንምፍጣር ወሳኒ ብራኽ ክርከቦ እዩ። ኩሉ ዜጋ ከኣ ንምዕዋት እዚ ዋዕላ ብሙሉእ ልቢ ክነጥፍ ትጽቢት ይግበረሉ ኣሎ። ካብቶም ኡወንታዊ ግደ ንምዕዋት ዋዕላ ትጽቢት ዝግበረሎም ሃገራዊ

ማሕበረሰባውያን መራኽብቲ ሓፋሽ ሓንቲ ከኣ ኣብ ደሞክራሲያዊ ቃልሲ ቀላሲ ተራ ትጻወት ዘላ ማሕበረሰባዊት ሬድዮ ድምጺ ወጋሕታ ስለዝኾነት ንምዕዋት ዋዕላ ጨናፍር ቤትጽሕፈታ ኣወሃሂዳ ሙሉእ ሽፋን ነቲ ዋዕላ ብምሃብ ኣብ ደገን ኣብ ውሽጥን ዝርከብ ህዝብና ዝተማለአ ሰታፌን ሓበሬታን ክህልዎ ክትሰርሕ ምድላዋታ ኣጻፊፋ ኣብቲ ኣደራሽ ዋዕላ ተረኺባ ኣላ።

***ዓወት ንሃገራዊ ዋዕላ ንዲሞክራሲያዊ ለውጢ***

***ኤዲቶርያል ቦርድ ማሕበረሰባዊት ሬድዮ ድምጺ ወጋሕታ***

***31 ሓምለ 2010***